# ንሕና ንሓድነትና!
# ሸጥ ማዓንጣና!



ብ /ኣማን ሰላም

ድምጽኻ ድምጺ ህዝቢ ብደቕኻ
ተላዒሉ ኣንጻር ደመኛኻ

እምቢ ንምልኪ ንዲክታቶር ኢሉ
ንዓለም ኣስምዑ ናይ ፍትሒ ቃሉ

ዓለም እውን ፈሊጥዎ ነዚ ማፍያ ሸፍታ
ኣብ ፍርዲ የቕርቦ ኣሎ ንህዝቢ ኣፈይታ

መርድእ ነቶም ንሕና ንሱ ንሱ ንሕና
ብስራት ካኣ ንውጹዕ ህዝብና

ናይ ሕሉፍ ዓመታት
ታሪኽ !!!!!!!!! ኣርባዓታት

ሃገር ክትህልወና ከም ዓለምና
ናጽነት እንዳ በልና ኣብ መግዛእቲ ዘእተዉና
ልዕሊ 70 ሺሕ ክቡር ሂወት ከፊልና
ሎሚ እውን ይደግምዎ ኣለዉ ናብ ባርነት ይጉቱና
ይጽንቱ ኣለዉ ህዝብና ይብርስዋ ሃገርና
25 ዓመት ኣብ ባርነትን ንነብር ኣለና

ኮራኹር ህግደፍ ወጽዓ ህዝቢ ዘይግድሶም
ኣብ ልዕሊ ሬሳታት ሳዕሲዖም ዘሊሎም
ደላይ ፍትሒ ግና ጎዶም ኣውጺእዎም

ሕጂ እውን ናብ ጅኒቫ ድምጽና ነስማዓሉ
ኲልና ታኣኪብና ንስርዓት ህግደፍ ነፍሽለሉ
እምቢ ንምልኪ እንብለሉ




እምቢ ንምልኪ ኢሉ ኣስምዕዎም
ዘረጥረጥ ከም ዝብሉ ገይርዎም
ኣይዕጸፍን ኢዩ ሓይሊ ህዝብና
ሎሚ ብውጻኢ ኣፍሺልናዩ ኣለና
ጽባሕ እውን ብውሽጢ ሃገርና
ክትስእ ኢዩ ጅግና ህዝብና
ምሉእ ፍትሒ ክገብረልና

መቐጸልታ ሓድነትና ዓወትና
እወ ኣናብስ ደቕኺ ኤርትራ ሃገርና
ኣብቲ ቦታ ውዕሎ ምእንቲ መሰልና
ናይ ውጹዕ ህዝቢ ስቃይ ንዓለም ሓቢርና
ንሕና ንሓድነትና ሽጥ ማዓንጣና

ዳውን ዳውን ዲክታቶር ነይሩ ጭሮሖና
እምቢ ንምልኪ እወ ሓርነትና
ኣብቂዑ ኢዩ ግዝኣትኩም ጸላእቲ ህዝብና

ደላይ ፍትሒ ተበጊሱ ሓቢሩ
ደጊም ተሲኡ ኢዩ ተበራቢሩ
ነታ ዘይትስገር ትመስል ፍርሓት ሰጊሩ
ሕድሪ ስዉኣትና ክተግብሩ
ህግደፍ ክብንቆስ ካብ ስሩ
ደለይቲ ፍትሒ ሓድነት ግበሩ

ደንበ/ ኣማን ሰላም
ካብ
ከሰላ ሱዳን